# መበል 100 ዓመት ዓለም ለኻዊ ሰንበት
# መዓልቲ ተልእኮ ወይ ሚሲዮን።

**ንባባት፡** 1ተሰሎ 1፡1-5፥ (ሮሜ 10፡ 14-ፍ)፥ m 1ጴጥ 4፡13-16፥ ግ.ሓ. 1፡12-14፥ ዮሓ 17፡1-11።

**ምስባክ፡** አልቦ ነገር ወአልቦ ነቢብ ዘኢተሰምዓ ቃሎም፥ውስቴ ኩሉ ምድር ዌጽአ ነገሮም ዌእስከ አጽናፈ ዓለም በጽሓ ነቢቦሙ።

ዓለም ለኻዊ ሰንበት መዓልቲ ተልእኮ ብፐዮስ XI ብ1926 ብዕሊ ካብ ዝእወጅ 100 ዓመት ቆጺሩ አሎ። እዚ ብጳጳሳዊ ማኅበር ስፍሓት እምነት (Pontifical Society for the Propagation of Faith) ዝተሰርዓ ንስብከተ ወንጌል አብ ኩሉ ክበጽሕ ዝተመደበ እዩ። ካብዚ ጀሚሮም ኩሎም በብእዋኑ ዝመጽኡ ጳጳሳት ነዚ ዕለት ፍልይ ብዝበለ መልእኽትን ለበዋን እዮም ዘኪሮሞ። በዚ ዕለት አብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ ካቶሊካውያን ንሰብከተ ወንጌል ዝኸውን መጀመርያ ጸሎት ከምኡ መባእ ንሰበኽቲ ወንጌል ብፍላይ ነቶም አብ ርሑቕ ቦታታት፥ አብ ጽንኩር ኩነታ ንዝርከቡ ንስብከት ዝወፈሩ ክሕግዝ መባእ ይእከብ።

አብዚ ኩልና አመንቲ ብሓባር ብሓደ መንፈስ አብ ስብከተ ወንጌል ክንወፍር መብጽዓና ክነሓድስ ከምኡ ነቶም ወፊሮም ዘለዉ ክንሕግዝ መብጽዓና እንሕድሰሉ እዋን እዩ። ሰባኺ ወንጌል ንኹሉ ተልእክኡ ክገብር ነቲ ዘድልዮ እንሓልየሉ ንሕና ኢና፥ ሰበኽቲ ወንጌል ናተይ ዝብልዎ የብሎምን ቃል አምላኽ አብ ኩሉ ከብጽሑ እዩ ተልእክኦም። ከምቲ ክርስቶስ ባዕሉ ዝብለና ኪዱ እንሆ አነ ኸም አባግዕ ናብ ማእከል ተዂሉ እሰደኩም አሎኹ፥ ሳንጣ ወይ ለቖታ ወይ አሣእን አይትማልኡ (ሉቃ 10፡1-12) እናበለ እምነቶም አብ አምላኽን አብቲ ዘገልግልዎ ኽገብሩ ይነግረና።

እቲ ቀዳማይ ልኡኽ ሰባኺ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ንሱ ልኡኽ ሰማያዊ አብኡ ኮይኑ ንአና ደቂ ሰብ አብ አምላኽ ክመልሰናን ምስ አምላኽ በቲ ዝገበርናዮ ክዓርቀናን ተላኢኹ አብ መንጎና ሓዲሩ። ንሱ ባዕሉ ልኡኽ አምላኽ ከምዝኾነ ነጊሩና። ኩልና ብጸጋ ጥምቀት አብዚ ተልእኮ ዝአቶና ኢና። ቤተ ክርስትያን ሎሚ አብ ተልእኮ ክርስቶስ ክነስተንትን እሞ ክንሳተፎ ትዕድመና። እዚ ንኹልና ምቹዕ ዕድል ዝኸፍት ሓቀኛታት አርድእቲ ክንከውን መብጽዓና ክነሓድስ ነቲ ቀዳማይ መጸዋዕታ ሰማያዊ አቦና ብወዱ ዝልእኸልና ክንሰምዕን ክንቅበልን እሞ አብ ተልእኮ ክንሳተፍ ንዕደም አሎና።

ልዕሊ ኹሉ አብዚ ሰንበት አብዚ እዋና ዘሎ ብድሆታትን ጸገማትን አብ ተልእኮ ስብከተ ወንጌል አብ ዓለምና ንዘሎ አለሊና ክንክእል ክነስተንትን ዕድል ዝኸፍት እዩ። ሎሚ አብ ብዙሕ ክፍላተ ዓለም ብዝተፈላለየ መልክዕ ንስብከተ ወንጌል ዝዕንቅፍ ይጓነፈና አሎ። አብ ገለ ሃገራት ጨሪሾም ወንጌል ከይሰበኽ ዝኽልክል ሕጊ ዘለዎም ዝሰብኽ እንተ ተረኺበ ንሞት ዘፍርዱ አለዉ። አብ ገለ ኸአ ነቲ ሓቀኛ ስብከት ወንጌል ዝጻረር ብስም ናይ ክርስትያን መልክዕ ዝሓዘ ግን ናይ ገዛእ ርእሱ መደብን እምነትን ዘልኦ ንብዙሓት አብዚ እዋን ካብ ሓቀኛ እምነት ከም ዘልግሱ ዝገብር አሎ። ካልእ ከአ ጣዕምን ምቾትን በዚሑ ወንጌል አየድልየናን ሒዝናዮ ዘሎና ሃብቲ ይአኽለና ወንጌል ናይ ድኻታት እዩ፥ ስለዚ ክሰምዖ

አይደልን ዝብል መንፈስ ዝለበሰ። ገለ ኸአ ጌና ወንጌል ክሰበኾም ዕድል ዘይረኸቡ እንተ መጽኦም ግን ክቕበሉ ልቦም ክፉት አለዉ። ቤተ ክርስትያን ከከመልክዑ አብዚ ትወፍር።

ልኡኻት ወንጌል አብ ዝወፈሩሉ አብ ገሊኡ ቀጻሊ ስደት ውርደት ማእሰርትን ስደትን ሞትን ይወርዶም። ንቃል ወንጌል ክዓብሱ ዝጽዕሩ በብእዋኑ አብ ታሪኽ ተራእዮም እዮም ግን ደም ሰማዕታት ውሒጥዎም ተሪፎም። ክርስትያን ይዕንቀፍ እዩ ግን ተስፋ አይ ቆርጽን ቅ. ጳውሎስ አብ 2ቆሮ 4፡ 8-10 ንሓደ ክርስትያን ዝወርዶ ኽገልጽ እንከሎ፥ ብኹሉ ወገን ንግፋዕ ግን አይንስዓርን ኢና፥ እንገብሮ ይጠፍአና ግና ተስፋ አይንቕብጽን ኢና፥ የሳድዱና ግና አይተረሳዕናን፥ ይወቕዑና ግና አይንመውትን ኢን ኣ። ሕይወት ኢየሱስ አብ ሰውነትና ምእንቲ ኽትገሃድውን ሞት ኢየሱስ አብ ሰብነትና ኹሉ ሳዕ ናብ ሞት አኅሊፎም ይህቡና አለዉ፥ እናበለ ክርስትያናዊ ተልእኮን ፈተናታቱን ይገልጸልና። ሎሚ እውን መልክዑ ዝሓዘ ንሰበኽቲ ወንጌል ዝተፈላለየ ከቢድ ብድሆታትን ፈተናታትን ይጓነፎም አሎ።

ተልእኮ ወንጌል ሎሚ ብዝያዳ ክስበኽ ክንገር የድሊ አሎ። ዓለምና ሒዛቶ ዘላ መገዲ ጸጋም ፍሪኡ ንርእዮ አሎና። ወዲ ሰብ አብ ነነድሕዱ ተጨኻኺኑ ክጣፋእ ንርእዮ አሎና። መንፈስ አምላኽ ዝጎደሎ ሕይወት አብ ቅትለት አድሕድ እዩ ዝወፍር። ልብሰብ ጨኪኑ ነቲ ምእንትኡ ዝሞተ ክርስቶስ ዘንጊዑ መንፈስ ቃኤል ወሪስዎ ሰብ አብነድሕዱ ይባላዕ አሎ። እዚ ዕለት ንዝጨከነ ልቢ ወንጌል ክንሰብኽ ይዕድመና። አብ ጸላም ልብኹም አይትንበሩ አብ ብርሃን ክርስቶስ ተመለሱ ኢልና ልቢ ዝሸፈተ ሓውና ክነረስርስ ንውፈር።

መጸዋዕታ ስብከተ ወንጌል ንነፍሲ ወከፍ ክርስትያን እዩ። ወፍርና ሓበራዊ እዩ፥ ነሲ ወከፍና እጃምና ክነወፊ ዝሓትት ተልእኮ እዩ። አብ ውሑዳት ምስዮናውያን ካህናት ደናግል ዝግደፍ አይኮነን ኩልና ሰበኽቲ ልኡኻት ኢና። እንነብጽሖ መልእኽቲ አሎና። ክርስቶስ አሚኑ መልእኽትይ አብጽሓለይ/ሕለይ እናበለ ሎሚ እውን ዝልእኹ ይደሊ አሎ። ከምቲ ኢሳያስ አብ 6፡8 ሽዑ እግዚአብሔር ንመን ክልእኽ መንከ ኺኸደልና እዩ ኪብል ሰማዕኩ አነውን እኔኹ ልአኽኒ በልኩ ዝበሎ፥ ነፍሲ ወከፍና እነብጽሖ መልእክቲ አምላኽ ስለ ዘሎና እነኹ ልአኽኒ ንበሎ።

አብዚ ዘሎናዮ እዋን ብፍሉይ ክነብጽሖ ክንሰብኮ እንውሃቦ መልእኽቲ አሎና።

1. መልእኽቲ ሰላም ክነብጽሕ። እቲ እግዚአብሔር አብ ልደት ወዱ ብመላእኽቱ ገሩ ዝበሎ፥ ክብሪ ንእምላኽ አብ አርያም ሰላም ከአ አብ ምድሪ አብ መንጎ እቶም እግዚአብሔር ዚሕጎሰሎም ሰብ (ሉቃ 2፡14) ዝበሎ ሎሚ እውን ብዳግም ክንሰብኮ። ሰላም ክንብል ከሎና ዕርቂ ምስ አምላኽ ምግባር፥ ንመገዲ ኃጢአትን ክፍአትን ሓዲግካ አብ መገዲ አምላኽ ምምላስ እዩ። ንሓውኻ ከም ነፍስኻ ምፍቃር እዩ። ነዚ ክነንግስ እዩ ተልእኮናን ስብከትናን። ነዛ ሰላም ስኢና ትሕመስ ዘላ ዓለም ሰላም ንስበኽላ ብግብርና ኸአ መስከርቲ ሰላም ንኹን። ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና ሰላም አብ ኩሉ ነብጽሓዮ።
2. ንሓቂ ንፍትሒ ዓው ኢልና ክንሰብኽ። አብዛ ወዲ ሰብ ፍትሒ ስኢኑ ዝግፍዓላን ዝዋረደላን ዘሎ ዓለም ሎሚ ንሓቂ ክንምስክር ክንሰብኽ ንጽዋዕ አሎና። ብርግጽ ሓቂ ዝዛረብ ይንጸግ ይጽላእ ይዋረድ ግን ሓቂ ሓራ ክተውጽአና እያ። በትሪ ሓቂ ትቕጥን እምበር አይትስበርን እያ። ንሓቂ ዋጋ ክንከፍለላ ይግባእ። ዘረባኹም እወ እወ ይኹን ይብለና። ሎሚ ሓቂ እንተ ተዛረብካ ዳርጋ አይቀንዓካን እዩ ሓሲኻ ዘይኮነ እንተ ተዛረብካ ግን ይቕበሉኻ ንአብነት አብ ኢሚግረሽን። ሓንቲ

ከይኮንካ ከሎኻ ተአሲረ ተቐጥቂጠ ወዘተ እንተ በልካ ይቕበሉኻ። ግን ክሰርሕ ክምዕብል ኢለ እየ መጺአ እምበር አይተአሰርኩ አይተቐጥቀትኩ እንተ በልካ ይነጽጉኻ። ተገላቢጦሽ እዩ ኮይኑ ዘሎ ነገራት ዘመና። ክፉእ ዝገብሩ ንፉዓት ይብሃሉ ጽድቂ ዝገብሩ ዘይማዕበሉ አረጊት አተሓሳስባ ዘለዎም ይብሃሉ። ነዚ ኢና ዓው ኢልና ክንዛረበሉ ክንቃወሞ ዘሎና። ባህሊ ሓሶትን ምጥፍፋእን ከም ልሙድ ይውሰድ አሎ። እዚ ዓቢ ብድሆና እዩ።

3. **ሓቀኛ ወንጌል ክንሰብኽ።** ኢየሱስ ብዙሓት ሓሰውቲ ነብያት ብስመይ ክመጽኡ እዮም እሞ ተጠንቀቑሎም ኢሉና። እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። አብ ነፍሲ ወከፍ አንገሎ ዝሰብኩ አነ እየ ሓቂ ዘሎኒ ንኢየሱስ ረኺበዮ፥ ከምብሓዲስ ተጠመቕ፥ ኢናበሉ ንሰባት ዘታልሉ ናይ ሓሶት ነብያት መለለዪ ዘመና ኮይኖም አለዉ። ነዚ እውን ዓው ኢልና ክንቋወሞ ይግባእ። ቅድሚኡ ግን አፍልጦ እምነትና ክዓቢ አለዎ። ንርእስና ዘይፈለጥናዮ ንኻልኦት ክንሰብኮ አይንኽእልን ኢና።
4. **ደቅና ብእምነቶም ነዕብዮም።** መንእሰያትና ንአምላኽ ከይፈለጡ ይዓብዩ አለዉ። ትምህርቲ ክርስቶስ አብ ቤትና እዩ ቀንዲ መሰረቱ፥ አብ ገዛና ዝሰነቕናዮ እዩ እናአዕበና እንቕጽሎ። ትምህርቲ ሰብከት አብ ገዛና ዘይጀመርናዮ አብ ካልእ ክንሰብኮ ከቢድ እዩ። አፍልጦ አምላኽ፥ ሓቂ፥ ፍትሒ ኮታስ ኩሉ እምነታውን ባህላውን ቅኑዕ እንብሎ አብ ቤትና ክንጅምሮ አሎና። ዘመናዊ መራኸቢ ብዙኃን ከምኡ ዘሎና ተክነሎጂ በዳሂ ኮይኑ አሎ። ንደቅና ክንከታተሎም እንታይ ይምሃሩ እንታይ ይርእዩ ክንፈልጦ አሎና። ዕንወት እምነት አብ አብያተ ትምህርቲ እዩ ዳርጋ ኮይኑ ዘሎ።
5. **ቤተ ክርስትያን እትምህሮ ነተግብሮ።** ክርስቶስ ባዕሉ ንዝመስረታ ቤተ ክርስትያን ክንሰምዓ ክንልአኻ ግቡእና እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሓ ንእትህበና መምርሒ ክንተሎ ይግባእ። ብፍላይ ንዓምዲ እምነት ብዝርኢ፥ ንሞራላዊ ትምህርቲ ብዝርኢ በቲ ዝውሃበና መምርሒ ክንምራሕ አሎና። ንአኹም ዝሰምዐ ንአይ ይሰምዕ ንአኹም ዝአበየ ንአይ ይአቢ ከምዝበለና ንቤተ ክርስትያን ንስምዓያ።

ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ ክንገብሮ ዘሎና ነቶም ልኡኻን ኮይኖም አብ ዝተፈላለየ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ልኡኻን አምላኽ ብጸሎት ክነሰንዮም ከም ዘሎና። አብ ዓለም ምሉእ ፋሕ ኢሎም/ኢለን ዘለዉ ሓደ ካብቲ ክንገብረሎም ዘሎና ብጸሎት ምስናዮም እዩ። አብ ዘይ ዓዶም ባህሎም ወገኖም ንስለ ወንጌል ከይዶም ዘለዉ መልእኽቲ አምላኽ ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ ከብጽሑ ክንጽልየሎም አሎና።

ቅ. ጳውሎስ አብ 1ተሰሎ 1፡1-5 ዘሎ እንተ አንበብና ጳውሎስን ብጾቱን ምእንቲ ቤተ ክርስትያን ተሰሎንቄ ጸልዮም። አብኡ ነቲ ሰናይ ዜና ሰቢኾሞ እዮም ግን ነቲ ዝሰምዕዎ ክዕቅብዎን ክሕዝዎን አምላኽ ብጸግኡ ከጽንዖም ጸሎት ክግበረሎም ይላቦ። ስለዚ ጳውሎስን ብጾቱ ጥቕሚ ጸሎት አብቲ ምስዮኖም ጽቡቕ ገሮም ይፈልጡ ነሮም። ንሕና እውን ከምቲ ቅዱስ አቦና ዘዘኻኽሩና ምእንቲ ኩሎም ልኡኻን ምስዮናውያን ቀጺልና ክንጽሊ ይግብአና። ዝዓበየ ስንቅን ሓይልን ልኡኻት ወንጌል ጸሎት እዩ፥ ኩሉ ጊዜ ክንጽልየሎም ትሑዛት ኢና።

አብነት እታ ዓባይ ቅድስቲ ተረዛ ዘሕፃን ኢየሱስ ክንክተል አሎና። ንሳ ወላ አብ ሓደ ካብ ዓዳ ወጻኢ ምስዮን ከይዳ አይትፈልጥን እንተ ኾነ ሚስዮናውያን ሰበኽቲ ወንጌል አብ ተልእከኦም ምእንቲ ክዕወቱ ቀጺላ ትጽሊ ነራ። ቤተ ክርስትያን ጸግዒ ዑቕባ ሰበኽቲ ወንጌል ብዝብል ትፈልጣ። ቅ. ጳውሎስ ናይ ጸሎት ጥቕሚ አብ ምዕዋት ስብከተ ወንጌል አጸቢቑ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ንሰብ ኤፌሶን አብ 6፡19-20 ከምዚ እናበለ ይምሕጸኖም፥ ምእንታይውን ክዛረብ ከሎኹ ነቲ ምሥጢር ወንጌል ብትብዓት ክነግር ቃል

ክውሃበኒ ጸልዩ፥ ብመቑሕ ዝተአሰርኩ ምእንቲ ወንጌል ናይ ክርስቶስ አምባሳደር እየ እሞ ከምቲ ዚግብአኒ ብትብዓት ተዛሪበ ምእንቲ ክኽእል ጸልዩለይ ይብል።

እምንቲ ጳጳሳትና ካህናትና ደናግልና ኩሎ አብ አገልግሎት ዝወፈሩ እሞ ዘገልግሉና ክንጽልየሎም ብንዋታውን ሞራላውን ሓገዝና ክነወፍየሎም ትሑዛት ኢና። ሰባኺ ወንጌል አብቶም ዝሰብኮም እዩ ሓገዙ። ንሕና ጸገም አሎና ቤተ ክርስትያን ስለ ዘየዕበየትና አብቶም ዘገልግሉና ዘለና ርድኢት ጨሪሹ ካብ መንፈስ ወንጌል ዝርሓቐ እዩ። ክንሕግዝ አብ ኩሉ አብ ጎኖም ክንከውን ከምዘሎና እንፈልጥ ውሑዳት ኢና። ቤተ ክርስትያን ክንሕግዝ ሓላፍነት ክንለብስ ከምዘሎና አጽኒዓ ትነግረና።

አብ ስብከተ ወንጌል ክንወፍር እንከሎና ከምቲ ንኢየሱስ ዝገጥሞ ዝነበረ ንኹሎም ሰበኽቲ ወንጌል ዝተፈላለየ ዕንቅፋታትን መኸላእታት ይገጥም እዩ። ንኢየሱስ ፈሪስውያንን ጸሓፍትን ይቋወምዎ ነሮም ንአና እውን ናታትና ፈሪስውያን ጸሓፍቲ አለዉና ዝቋወሙ። ካብቲ ወፊርናዮ ዘሎና ከታርፉና ወይ አድህቦና አብ ካልእ ምእንቲ ክኸውን ዝተፈላለየ ፈተና የምጽኡልና።

እቲ ፈተና ብዙሕ መልክዕ ዝሓዘ እዩ። ከም ፈተና ዝተፈላለዩ ፈተናታት፥ ምጥርጣር፥ ስደት፥ ናይ ሕይወት ስግአት፥  ዘይገበርካዮ ምጽላም፥ ተነጽሎ ወላ አብ ማእከል ሰብ ከሎኻ ዝአመሰሉ ይገጥምዎ። ልኡኽ ወንጌል ነዝን ካልእን ክስዕር እሞ ብዓወት ክወጽእ እንተ ኾይኑ/ና ከም ተመን ጎራሕ ከም ርግቢት ሕያውያ (ማቴ 10፡16) ክኸውን አለዎ። ንኹሉ አመዛዚኑ ክርኢ ንነገራት ብምስትውዓል ክርእዮም አለዎ። ልኡኽ ክርስቶስ ናይ ጸሎት ሰብን ብርቱዕ እምነት ዘለዎ ክኸውን አለዎ።

ዝኾነ ተጻብኦ ወይ ምጥቃዕ አብ ልዕሊ ልኡኽ ወንጌል አንጻር ወንጌል እዩ። ልኡኽን ክሳቐዩ እንከለዉ ወንጌል መጠኑ ይሳቐ። እንተ ኾነ አምላኽ ብርእሱ ዋና ተልእኮ ኩሉ ጊዜ አብ ኢዱ እዩ፥ በዚ ኸአ ዓወት ኩሉ ጊዜ አብኦም እዩ። ሎሚ እምብአር ቤተ ክርስትያን ነዚ ዕድል ተጠቒምና አብዚ ዓውደ ውግእ ክንሳተፍ ትደልየና። እምነት፥ ጸሎትን ሓድነትን አብ ነነድሕድና መሰረት ገርና እንተ ገጠምና ክንዕወት ኢና።

ሓጎስ ወይ በረኸት ናይ ልኡኽ ምኧን ካብቲ ሓደ ዝቕበሎ አይኮነን። ብአንጻሩ አብቲ ክንደይ ነፍሳት ወይ ሕይወት ተንኪፉን ንኻልአት ከመይ ዝበለ ሓጎስ አምጺኡሎም እዩ። ከምኡ ካብቲ ማዕረ ክንደይ ፍቕሪ ሓደ ከምዘመሓላልፍን ዝህብን ንኻልአት ብወንጌል አቢሉን።

ር.ሊ.ጳ ልዮን XIV መበል 100 ዓመት ናይ ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ተልእኮ ወይ ሚስዮን አመልኪቶም አብ ዝሃብዎ መልእኽቲ ሓደ አብ ክርስቶስ ሕቡራት አብ ተልእኮ፥ እናበሉ ንነፍሲ ወከፍና አብዚ ፍሉይ እዋን ታሪኽ ናይ ክርስቶስ ተልእኮ  ብፍሉይ እናዘኻኸሩን ፍሉይ ዕድመ ብምቕራብ ይምሕጸኑና። ኩልና ዝክአለና ንምውፋይ መብጽዓና ሓዲስና አብቲ ዓቢ ተልእኮ ስብከተ ወንጌል እጃምና ነበርክት ይብሉና። በዚ ኢና ኸአ ምልክት ፍቕርና እንገልጽ። እዚ ኸአ እዩ መጸዋዕታ ንኹሎም መፍቀርቲ ተልእኮ ክርስቶስ ክስዕቦ ዘለዎ ይብሉና።

አብዚ ብሩኽ ሰንበት እምብአር ብምሉእ ልብና እናጸለና ንጎይታናን መድኃኒናን ኢ.ክ. ዋና ተልእኮና ንዝኾነ ዘድልየና ጸጋ ጽንዓት ክህበና እሞ አብ ተልእኮኡ ክንቅጽል ንለምኖ። ብፍላይ ነቶም አብ ጽንኩር ተልእኮ ዘለዉ አብ ምሉእ ዓለም ንዝርከቡ አሕዋትና አብኡ ነማዕቁቦም ኩሉ ዝገብርዎ ኢድ አምላኽ

ክሓልፎ ኸአ ብልቢ ንጸልየሎም። ኩሉ ዝጓነፎም ጸገማት ብዘየገድስ ኣምላኽ ሓይልን ክእለትን ሂቡ ፍርያም ተልእኾ ይግበረሎም።

ብፍሉይ ኣሕዋትና ኤሪትራውያን ካህናት ደናግል መነኮሳት ኣሕዋት ንኣና ወኪሎም ኣብ ምሉእ ዓለም ወፊሮም ንዘለዉ/ዋ ኣምላኽ ጸጋን ጥዕናን ሂቡ ፍረ ዘልኦ ተልእኾ ይግበረሎም። ጥዕና ስጋን ነፍስን ሂቡ ብመንፈስ ቅዱሱ የሰንዮም። ፍሉይ ጸሎት እናገበርና ንዘክሮም።

ኦ ማርያም ኣደና ቀዳመይቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ተቐቢልኪ ብኹሉ ዘገልገልኪ ንሕና እውን ኣሰርኪ ተኸቲልና እሙናት ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ክንከውን መልእኽቲ ወድኺ ኣብ ኩሉ ክነብጽሕ ሓግዝና ንወድኺ ለምንልና ንበላ።

ብሩኽ ሰንበት።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።